ምኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ክፈለሃገር ባቫርያ

ዕረፍትኹም

#bayerngemeinsam

ናይ ዕረፍቲ ምዝንጋዓት ኣብ ግዝያት ኮሮና ብኽብረትኩም ነዚ ዝስዕብ ኣብ ግምት ኣእትዉ፡

ኣብ መክሲኮ ዲኹም ወይ መክለንበርግ-ቮርፖመርን፡ ኣብ ቱስካኒ ወይ ቶክዮ፡ ኣብ ቡዳፔስት ወይ ባቫርያ ኢኹም ዘለኹም **ብዘየገድስ፡ እቲ ኮሮናቫይረስ ኣብ በዓል የለን ንጡፍ ኮይኑ ከኣ ይቕጽል፡ ኩሉግዜን ኣብ ኩሉ ቦታን።** ስለዚ ናብ ናይ ዕረፍቲ ምዝንጋዕ ኣብ ትኸድሉ እዋን'ውን ብኽብረትኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕግታት ናይ ጽሬት ተኸተልዎም።

ኣእዳውኩም ተሓጸቡ

ርሕቀትኩም ሓልዉ

ናይ ኣፍ + ኣፍንጫ መሸፈኒ

ምህንጣሳት ሸፍኑ



ናብ ወጻኢ ሃገር ክትጉዓዙ እንተድልይኩም፡ ብዛዕባ ሀሉው ሕግታትን ናይ ጎዕዞ መጠንቀቕታታትን ንምፍላጥ ብኽብረትኩም መጀመርታ ናብዚ ዝስዕብ መርበብ-ሓበሬታ ምብጻሕኩም ኣረግጋጹ፡ **q.bayern.de/covid19-reisewarnung**

ምኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ክፈለሃገር ባቫርያ

ዕረፍትኹም

#bayerngemeinsam

እንቋዕ ብደሓን ተመለስኩም! ብኽብረትኩም ነዚ ዝስዕብ ኣብ ኣእምሮኹም ሓዙ፥

ናይ ኮሮና መርመራታት/ናይ መርመራ ግዴታ

ተንቀሳቐስቲ ናይ መርመራ ማእከላት ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ናይ ባቫርያ መዓርፎታት-ነፈርቲ፡ ኣብቶም ቀንዲ መደበራት ባቡር ኣብ ሙኒክን ኑረምበርግን ከምኡ ድማ ኣብ መደበራት ኣገልግሎት ጽርግያ ተሽከርከርቲ ኣብ ጥቓ'ቲ ዶብ ክትረኽብዎም ትኽእሉ። ብዛዕባ እቲ ናይ መርመራ ግዴታ ንገዛእ ርእስኹም ምልላይኩም'ውን ኣረጋግጹ።

ብዛዕባ እቲ ናይ መርመራ ግዴታን እቶም ቦታታት ናይ መርመራ ማእከላት ንተጓዓዝትን ዝያዳ ንምፍላጥ፡ ብኽብረትኩም ናብ **q.bayern.de/testzentren-reisende** ብጽሑ

ካብ ናይ ስግኣተ-ሓደጋ ዞባ ድሕሪ ምምላስ ዘሎ ናይ ምውሻብ ግዴታ

ኣብ ባቫርያ ድሕሪ ናይ ኮሮና ስግኣተ-ሓደጋ ዘለዎ ዞባ ምቕማጥካ ናይ ውሽባ ግዴታ ምህላዉ ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ። እዚ ኣብ ንናይ ቤት-ትምህርቲ ቆልዑ'ውን ይምልከት።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣየኖት ሃገራት ከም ናይ ስግኣተ-ሓደጋ ዞባታት ተመዲበን ምህላወን ንምፍላጥ፡ ብኽብረትኩም ናብ **q.bayern.de/covid19-reisewarnung** ብጽሑ

ተኽእሎ ምጥፋእ ኣታዊታት

እንተድኣ ብምኽንያት ናብ ወጻኢ ሃገር ገይሽኩም ምንባርኩም ን14 መዓልታት ናብ ውሽባ ክትከዱ ኣለኩም ኮይኑ ስለዚ ከኣ ናብ ስራሕ ክትከዱ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም፡ እቲ ውጽኢት ምጥፋእ ኣታዊታት ክኸውን ይኽእል ንእኡ ከኣ ኣይክትክሓሱን ኢኹም።

ብዛዕባ'ቲ ናይ ድሕረ-ምእታው ናይ ውሽባ ሕጊ ተወሰኽቲ ዝርዝራት ኣብ **q.bayern.de/eqv** ክትረኽቡ ትኽእሉ

ምልክታት ሕማም COVID-19

እንተድኣ ዝኾኑ ምልክታት ሕማም ናይ COVID-19 ኣብ ገዛ ተሰሚዐሙኹም፡ ናብ ናይ ስድራቤትኩም ዶክተር ደውሉ ወይ ናብ **116 117**, theደውሉ፡ እዚ ቕጽሪ ናይቲ ባቫርያዊ ማሕበር ናይ ብሕጊ ዝቆመ መድሕን ጥዕና ሓኻይም (Kassenärztliche Vereinigung Bayerns) እዩ።